# ፩ ሰንበት ዘጽጌ

## 26 መስከረም 2017 ዓ.ም. (10/6/24)

### ምስ ማርያም ኣብ መእዲ ኣምላኽ ዕዱማት ኢና።

መዝሙር፡ ትዌድሶ መርዓት እንዘ ትብል ነዐ ወልድ እኁየ ንፃዕ ሐቅለ. . . . መርዓት ንመርዓዊ እናወደሰት ኦ ሓወይ ንዓ ንግዳም ንውጻእ እሞ ወይንን ሮማንን ፈርዩ እንተሎ ንርአይ፥ ንሰማይ ብኸዋኽብቲ ዝሸለመ ንምድሪ ብዕምባባታት ዘጌጸ። ንሱ ሓደ ወዱ ጎይታ ሰንበት እዩ። መርዓት ኦ ሓወይ ቃልካ ጥዑም እናበለት ትውድሶ።

ንባባት፡ ፊሊጲ. 4:12-20፥ ራእ 21፡1-9፥ ግ.ሓ. 15፡22-ፍ፥ ማቴ 22:1-4።

ምስባክ፡ 1. ፍሬ ጻማከ ተሤሠይ፥ ብፁዕ አንተ ወሠናይ ለከ፥ ብእሲትከ ከመ ወይን ስሙር ውስተ ጽርሓ ቤተከ። ዕዮ ኣእዳውካ ዘፍረዮ ኽትበልዕ ኢኻ እሞ ብፁዕ ኢኻ፥ መነባብሮኻ ኹሉ ኸአ ኺባረኽ እዩ፥ ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ከም ፈራይት ወይኒ ኽትከውን እያ መዝ. 128፡2-3።

2. እስመ ፈተወ ንጉሥ ስነኪ፥ እስመ ውእቱ እግዚእኪ፥ ወይሰግዱ ሎቱ አዋልደ ጢሮስ በአምኃ። ብመልክዕኪ ንጉሥ ክፈትወኪ እዩ፥ ንሱ ጎይታኺ እዩ እሞ ስገድሉ፥ ሕዝቢ ጢሮስ ገጽ በረኸት ኬምጽኡልኪ እዮም፥ መዝ. 45፡11።

ኣብ ናይ ግዕዝ ኣቆጻጽራ ዘሎናዮ እዋን ካልኣይ ክፍሊ ዓመት እዩ መጽው ይብሃል፥ ካብ 26 መስከረም -25 ታሕሣሥ ዘሎ እዩ። ኣብኡ ፫ ንኡሳን ኣዝማን ይርከቡ፡

1. ዘጽጌ፥ 6 ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ፥ ብ፩ ፪ ፫ ፬ ፭ ፮ ይፍለጥ።

2. ዘአስተምህሮ 5 ሰናብቲ ዝሓዘ ዘወረደ፥ዘቅድስት፥ዘምኵራብ ዘመጻጉዕ፥ዘደብረ ዘይት።

3. ዘስብከት ወይ ምጽአት ይብሃል 3 ሰናብቲ ዝሓዘ፡ ዘስብከት፥ ዘብርሃን፥ ዘኖላዊ።

ዘመነ ጽጌ እምብኣር ፮ ሰናብቲ ዝኀዘ እዩ። ኣብዚ እዋን ነቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ቤተ ክርስትያን ዘለዎ ርክብ ክገልጽ ኢሉ ብኣምሳል ርክብ መርዓትን መርዓውን ነቲ ኣብ መኀልየ መኀልይ ንወዲ ኀወይ... መርዓት ትውድሶ ዝብል መሰረት ገሩ ንምሕረት ኣምላኽ ይገልጽ። ሎሚ እውን ኣምላኽ ምስ ነፍሲ ወከፍና ርክብ ክፈጥር ይደሊ ኣሎ። እንተ ቐሪብናዮ ኣብ ሕይወትና ተሓድሶን ለውጥን ክገጥመና እዩ፥ ብፍላይ ዕድመ ኣምላኽ እንተ ኣኽበርና ጸጋን በረኸትን ኣብ ሕይወትና ይህበና ስለዚ ዕድሚኡ ኣኽቢርና ኣብኡ ንቕረብ።

ዘመነ ጽጌ ብፍሉይ እውን ንማርያም ዝውሃብ ጊዜ እዩ። ማርያም ምስ ኣምላኽ ዝነበራ ርክብ ከምኡ ኣብዚ ዓለም እንከላ እትኽተሎ ዝነበረት ሕይወት እናገለጸ ዕብየት ማርያም ክነስተንትን ፍሉይ ጊዜ ይኽፍተልና። ሓደ ካብቲ ንማርያም ክብሪ ዝህባ ንዕድመ ኣምላኽ ሕራይ ምባላ እያ። ማርያም ሎሚ እውን ንሕና ደቃ ነቲ ኣምላኽ ዘቕርበልና ኣሰራ ተኸቲልና ሕራይ ክንብል እዩ። ካባይ እንታይ ይደሊ ኣምላኽ፦ ምስ ሓወይ ክዕረቕ፥ ንጽጉም ክሕግዝ፥ ንሕሙም ክበጽሕ፥ ካባይ እንታይ ይደሊ ኢልና ንሕሹኽታ ኣምላኽ መልሲ ክንህብ ንሕተት ኣሎና።

ኣብ መንነትና ኣብ መንነ ኣምላኽን ዝህሉ ርክብ ብኣምሳል ርክብ መርዓውን መርዓትን ይገልጽ፥ ናይ ክልተ ፍቑራት ርክብ ካብ ልቢ ስለ ዝነቅል ኣብኡ ሓገስ ምርድዳእ ሓልዮት ዝመልአ እዩ።

ክርስትያናዊ ሕይወት ምስ አምላኽ ዘራኽብ ስለ ዝኾነ ብሓቂ እንተ ነቢርናዮ ነዚ ጸጋታት እዩ ዝዕድለና ስለዚ ርክብና ምስ አምላኽ ክንርእዮ እንተ ኽአልና አባና ኩሉ ክህሉ እዩ።

ካብ ማቴዎስ ወንጌላዊ ዝተነበና ብምሳሌ ገሩ ኢየሱስ በቶም መራሕቲ ህዝቢ ከም እተነጽገ ይነግረና። ነዚ ክገልጺ ኢሉ ነቲ ምሳሌ አብ ሰለስተ መቒሉ ይነግረና። 1. ክልተ ዕድመ ናብቶም አብ መርዓ ከምጹ ዝተደልዩ ተላኢኹ። 2. አብ ኩሎም ድኻታትን ጽጉማትን ዕድመ ተላኢኹ። 3. አብቲ ብዓል ዝሳተፉ ከማልእዎ ዝነበሮም ነገራት ነርዎም።

እዚ ማቴዎስ ዘቕርቦ ምሳሌ ብዛዕባ መንግስቲ አምላኽን እቶም ምስኡ ሱታፌ ዘለዎም ህዝብን እዩ ዝዛረብ። አብዚ በቲ ንወዱ መርዓ ዝገብር ንጉሥ ተመሲሉ ይንገር። አብ ኢሳያስ 25፡6-10 ዘሎ እንተ አንበብና ነዚ ክንርዳእ ዝሕግዘና ብዛዕባ እግዚአብሔር ንህዝቡ ዝቕርቦ ዓቢ ምሳሕ ይነግር። አብኡ ዝበለጸ ዓቢ ምሳሕን ዝበለጸ ደረቕ ወይንን ክሰናዶ እዩ፥ ሓዘን ወይ ሞት አይክህሉን እዩ፥ ንሞት ንሓዋሩ አጥፊኡ ንንብዓት ከአ ኻብ ዓይኒ ኹሎም ክደርዞ እዩ፥ ንሱ ስለ ዘድኃነና ኽአ ንሕጎስ አሎና ባህውን ይብለና አሎ ዝብል ነንብብ።

አብቲ ምሳሌ ወንጌል እውን እቲ ንጉሥ ብዙሓት ካብ አገልገልቱ ናብ ህዝበ እስራኤል ልኢኹ፥ እዚ ኸአ ነቶም በብእዋኑ ዝልእኮም ዝነበረ ነብያት ካብቲ ጌግኦም ክምለሱ ፍቕርን አገልግሎትን ክገብሩ ዝነግሩ ዝልአኾም እዩ ዘመልክት። እንተ ኾነ አይተመልሱን ነቲ ዕድመ አምላኽ ነጺጎሞ ይብል ኢየሱስ።

ካልኦት ጋንታ ልኡኻት ሰዲዱ እንሆ መአደይ አዳልየ አሎኹ. . . ኹሉ ተዳልዩ አሎ እሞ ናብ መርዓይ ንዑ በልዎም ኢሉ ለአኸ። አምላኽ ክዕድም ክጽውዕ እንከሎ ኩሉ ጊዜ ቅልጥፍ/ህውኽ ዝበለ እዩ። እቲ እንኮ እዋን እትምልሶ ኸአ ሕጂ እዩ። ኩሉ ጊዜ መልሲ ክንህብ ስንድዋት ክንከውን አሎና። አብዚ ምሳሌ ዝኸውን ግን ከምኡ አይኮነን። እቶም ዝተዓደሙ አይግደሱን፥ ምናልባት ገሊኦም በቲ ናብርኦም ትሑዛት ወይ ከአ ነቶም ልኡኻት ንጉሥ አጋፍዕዎምን ቀተልዎምን።

አብ ርእስና ክንምለስ ክንደይ ካባና እዮም ከምቶም ቀዳሞት? ክሳብ ክንደይ እዩ ወላ አብዛ ሕጂ ስዓት ነቲ ካብ አምላኽ ዝመጸና መጸዋዕታ ዕጹዋት እንኸውን ዘሎና እንቕርቦ ምኽንያት ኸአ አብቲ ግዝያውን ንአና ጥራሕ አብ ዝግድሰና ነገራት ቀዳምነት ሂብና ካልእ ዘይግድሰና ኮና፥ ዋሕስ ክህቡና አብ ዘይክእሉ ነገራት ቀዳምነት ሂብና ንነብር አሎና።

ካልአይ እቲ ንጉሥ ነቲ ዝኾነ ምስ ሰምዐ ተቘጢዑ ይብለና ኢየሱስ። ወተሃደራቱ ልኢኹ ነቶም ቀተልቲ አጥፍኦም ከተማኦም እውን አንደደ ይብል እዚ ምናልባት እቲ ወንጌላዊ ዝሃቦ ትርጉም እምብአር አብ መጀመርያ ክፍሊ ናይ እቲ ምሳሌ ዝነበረ አይመስልን። ብእዋኑ ንዝተረኽበ ኩነት አዛሚዱ ክርእዮ ከሎ ሮማውያን ብ70 ዓ.ም. አብ ከተማ ኢየሩሳሌም ዘውረድዎ ዕንወትን ጥፍአትን ዝምልከት እዩ (ወንጌል ማቴዎስ አብ 85 ዓ.ም. እዩ ክዝውተር ጀሚሩ)። ሎሚ እውን ነዚ አብ ዘመና እንተ ረአናዮ ክንደይ ልኡኽት መልእኽቲ አምላኽ አብ ብዙሕ ቦታታት ይእሰሩን ይሕበሱን ይግፍዑን ይቕተሉን ንርኢ አሎና።

እቶም ቀንዲ ዕዱማት ምምጻእ ምስ አበዩ እቲ ንጉሥ “መርዓይ ዝተዳለወ እዩ” ኢሉ ንጊላዎቱ ዝረኸብዎ ሰብ ክዕድሙ ይልእኮም። ሕጂ እውን እቲ ዕድመ ንጉሥ ህጹፍ መልሲ እዩ ዝጽበ። አብዚ እዋን እቶም አገልገልቲ አብ ገዛውቲ አብ እንዳ ሃብታማት ዘይኮነ አብ ቀራና መገዲ ከይዶም ክዕድሙ ይልአኹ። አብ ጊዜ ኢየሱስ ከተማታት አፍደገታት ከምኡ ናይ ዕዳጋ ቦታታት ነርዎን። ሓፋሽ ህዝቢ ኸአ ብብዝሒ አብኡ ይርከቡ ነሮም፥ መብዝሕትኦም ብሃይማኖትን አብ ሕብረተሰብን ከም ካልአይ ዜጋ ዝርአዩ፥ መኽፈልቲ ቐረጽ፥ ዝሩጋት ኩሎም እቶም ጽሉአት ክፍሊ ሕብረተሰብ ዝሓዘ እዩ። ብዘይ ሓደ አፈላላይ እቲ አዳራሽ መርዓ ክሳብ ዝመልእ ኩሎም ተዓዲሞም ጥዑያትን ዘይጥዑያትን ከአ ዳስ መልእዎ።

አብዚ ሕይሩይ ህዝቢ ወይ ፍሉያት ምሩጻት የለዉን። ቤተ ክርስትያን አብ ውሽጣ ንኹሉ ትጽውዕ። ኩሉ ጊዜ ከምኡ ነራ ሕጂ እውን ከምኡ እያ፥ ቤተ ክርስትያን ብጻድቃንን ብኃጥአንን ዝቘመት እያ። ሓደ ክንዝንግዖ ዘይብልና ኩሉ ጊዜ ፈተና ናይ ቀዳሞትን ዳሕረዎትን ዝብል ፍልልይ ክህሉ እዩ፥ ኵሉ ጊዜ ንሕና ዝብል ስምዒት ንርእስኻ ወይ ንወገንካ ካብ ካልኦት ዝበለጽካ ገርካ ምሕሳብ አሎ እዚ ግን ምንጪ ናይ ጥፍአትን ኃጢአትን ከምኡ ሕማም አብ ቤተ ክርስትያን እዩ። አብ ብዙሓት ከም ዝርአ ፍልልይ ወገንነት አብ መንጎ ሰባት ነጊሱ ሕማም ኮይኑ ንርኢ ብዙሓት ሃገራት ቊምስናታት በዚ ክሳቕያ ይርአ። ከም ባህጊ ካብ ኩሉ ሕማምን ክፍአትን ነጻ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ወይ ቊምስና ክትህልወካ ክንደይ ሰናይ እዩ, እንተ ኾነ ዘይክአል እዩ፥ ከምኡ እንተ ኾነ ቤተ ክርስትያና ካቶሊካዊት አይኮነትን ኩሉ ጊዜ ኃጥአንን ጻድቃንን ዘለዋ ቤተ ክርስትያን እያ ናትና። ጻድቃን ጥራሕ ዝሓዘት ቤተ ክርስትያን አብዚ ዓለም የላን።

አብ መወዳእታ ናይ እቲ ምሳሌ ተገራጫዊ ነገራት ይርአ። እቲ ንጉሥ ንልኡኻት አብ ፈቖዶ መገዲ ከይዶም ዝረኸብዎ ኩሉ ክዕድሙ ልኢኹ ከብቅዕ ንሓደ ካብ ዕዱማቱ ልብሲ መርዓ ዘይተኸደንካ ኢሉ ከሳጉጎን ከዋርዶን ንርኢ። እዚ ሰብ አብ ሓጺር ጊዜ ከመይ ገሩ ክዳን መርዓ ክኸደን ተጸብይዎ? አብዚ ፍልይ ዝበለ አስተንትኖ ምርመራ ክንገብር አድላዪ እዩ፥ እንታይ እዩ መልእኽቱ? መራሕቲ አይሁድ ንኢየሱስ ምቕባል አብዮሞ። ካልኦት ዓለት አረመን ዘይንጹሓት ዝሕሰቡ ዝነበሩ አብ ቦትኦም ተዓዲሞም አብቲ መርዓ መሊኦሞ። ዝኾነ ኾይኑ ምስ ተዓደምካ አብ መርዓ ጥራሕ ምምጻእ እኹል አይኮነን፥ ክትመጽእ ከሎኻ ብዓቕምኻ ጽቡቕ ክትክደን ይግብአካ እምበር ምስ ረሳሕን ጨርቃምን ክዳውንትን ክትመጽእ ግቡእ አይኮነን። ግቡእ ከይተኸድነ ዝመጽእ ነቲ ዓዳማይን ነቶም ምሱኡ ዝተዓደሙ ዘይምኽባር እዩ ዘርኢ።

ኩሎም ዕዱማት ከም ዕዱማት መርዓ ኮይኖም ክርከቡ ግቡእ እዩ። ነዚ አዕሙቕ አቢልና ክንርእዮ እንከሎና ቤተ ክርስትያን አእዳዋ ዘርጊሓ ንኃጥእ እትቕበሎ ክንብል ከሎና እቲ ኃጢአተኛ ብወገኑ ናይ ንስሓን ናይ ምምላስን ምልክት ግብሪ ከርኢ ይግብኦ። አብ ናይ ቀደሙ ጠባያትን ሕይወትን እንከሎ ከይለወጠ ክነብር ክትጾሮ አይትኽእልን እያ። ክልተ ጎይቶት ብሓደ እዋን ከሓጉስ ዝኽእል የለን። ክርስትያን እየ እናበልካ ዘይ ናይ ክርስትያን ግብሪ ምሓዝ ፈሪሳውነት እዩ።

ኢየሱስ ንኃጥአተኛታትን መኽፈልቲ ቀረጽን ዝሩጋትን ክቅበሎምን ክዕልሎምን እንከሎ ከምዘሎ ሕይወቶም ከይ ቀየሩ አይኮነን ዝቕበሎም ዝነበረ ንለውጥን ንስሓን አብ ሕይወቶም ርእዩ እዩ ዝቐርቦም ዝነበረ። እምነትካ/ኪ አሕውዩካ/ኪ ደጊም ካብ ሕጂ ንድሓር አይትአብስ ንዓ/ዒ ስዓበኒ ይብሎም ነሩ።

አብ ምውዳእ ናይ እቲ ምሳሌ ኢየሱስ ጽዉዓት ብዙኃት ኅሩያት ግና ውሑዳት እዮም እናበለ ይውድኦ። ዘሕዝን እዩ ወላእኳ ብዙሓት ካባና አብ መአዲ ክርስቶስ ክሳተፉ አብ ሕይወቶም እንተ ተዓደሙ ውሑዳት እዮም ነዚ አብ ግብሪ ዘውዕልዎ። ዝበዝሑ ከም ሓደ ዓወት አብ ሕይወቶም ገሮም ዝወስድዎ ከምኡ አብ ሕይወቶም ሓጎስ ክብሪ አብ ቅድሚ ሕብረተሰብ፥ ሃብቲ . . . ዝፈጥረሎም ዝሓስብዎ እዚ እዩ። ብዙሓት ወላ እኳ አብ ሕይወቶም ዘይቅሳነትን ጭንቀትን ዝፈጥረሎም  ይኹን እምበር ነዚ እዮም ዝመርጹ።

ቤተ ክርስትያን ከም ጓሳ ህዝበ እግዚአብሔር መጠን ናይ ኩሉ መለክዕን መምዘንን ክትገብር ግድን እዩ። ማለት ንሓደ ገፋዕ ህዝቢ ዓማጺ ቀታሊ ንጹሃት አብ መአዲ ክርስቶስ ብቐሊል ክትቅበሎ አይክአልን እዩ። ንኸምዚኦም ዝአመሰሉ ሰባት ሱቕ ኢልካ ምርአይ ብፍላይ አብ ማሕብር ክርስቶስ ንእምነትካ ምርኻስ እዩ። አብዚ ምሳሌ ልብሰ መርዓ ተባሂሉ ዘሎ አምሳል ዕዱም መርዓ ናይ ቅድም ሕይወቱ ብዘየገድስ ንክርስቶስ ክለብስ እንከሎ እዩ። ከምዚ ዝአመሰለ ሰብ ብጥምቀትን ካልኦት ምስጢራትን አብ መአዲ መርዓ ክሳተፍ አኽኢልዎ፥ አብ መንፈስን ትምህርትን ክርስቶስ ስለ ዝአተወ ንክርስቶስ ምስ ሕይወቱ አወሃሂድዎ ስለ ዝኾነ ልብሰ መርዓ

ለቢሱ ንብሎ። እዚ ኣብቲ ዕለት ዕለት ዝገብሮ ለውጢ ተሓድሶ ኣብ ሕይወቱ በቲ ኣብ ኢየሱስ ዝረኸቦ ተመክሮን ኣብ ማሕበር ክርስቶስ ዘልኦን ሱታፌ ይርአ።

ነዚ ኹሉ ምስ ረአና ብቀዳምነት ክንገብሮ ዝግብኣና ኣብ መኣዲ መርዓ ንጉሥና ክንሳተፍ ንዝዓደመ ኣምላኽ ካብ ልብና ብዝነቐለ ክነመስግኖ ይግባእ። ኩሉ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ ናይ ኣምላኽን ኢየሱስን ኣፍልጦ ህያብ እዩ፥ እዚ ኸኣ ካብ ተመክሮ ዝረኸብናዮን ከምኡ ካብ ከማና ዝበሉ ኣሕዋትና ዝረኸብናዮ እዩ። እዚ እንተ ዘይኮነ ዝስምዓና ዘሎ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪብና ዓሚቕ ርድኢት ኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ዘምጽኦ ትርጉምን ሓጎስን ክህበና ክንልምኖ ይግባእ።

ካልኣይ ክንገብሮ ዘሎና ልብሰ መርዓና ክሳብ ክንደይ እዩ ጽሩይ ዘሎ ክንርኢ ይግብኣና። ሕይወትና ክሳብ ክንደይ ኢና ኣብ ፍቕርን ኣገልግሎትን ኢየሱስን ህዝቡን ክነውዕል ፍቓደኛታት ዘሎና? ኣብ ቊምስናና ዘሎና ተሳትፎ ኣብ ስብከተ ወንጌልን ኣብ ኩሉ ሕይወት ኣሕዋትና ወሳኒ ተራ እንጻወቶ ክሳብ ክንደናይ ዝርአ እዩ? ክሳብ ክንደይ ኢና ንእምነትናን ክርስትያናዊ ትምህርትናን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ማሕበርና እንምስክሮ? ኣብ ውሽጥና ኣቲና ዝኾነ ሕማቕ ጠባይ ወይ ግብሪ ምስቲ ክርስቶስ ዘስተምሃሮን ዝኣዘዞን ዘይከይድ እንተሎ ክንርኢ ይግባእ። ብንጹሕ ሕልና ንዝተዋህበኒ ልብሰ መርዓ ክለብሶ ኣብ ቅኑዕ መገዲ ዘሎኹ ወይ ኣብ ሓሶት እየ ዘሎኹ? ወይስ ንልብሲ መርዓ ክለብስ ግዚኡ ኣይኮነን? ኢልና ንርእስና ክንርኢ እዋኑ እዩ።

ሳልሳይ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ክንርስዖ ዘይብልና ኣባላት ቤተ ክርስትያን ከም ምኳና መጠን ኣብ ሕይወት ቤተክርስትያንን ኣብ ምስክርነት ምሃብ ብትግሃት እናተሓባበርና ክንከይድ ዝግብኣና እንከሎ ፈተና በርቲዑናድዩ ወይስ ሕመቕ ወሪስና እንተ ወደቕና እቲ ኣፍደገ ኩሉ ጊዜ ክፉት ምኳኑ ክንፈልጥ ኣሎና፥ ኣብ ዝጠፋእናዮ ፀሓይ ክዓርበና የብሉን ክንምለስ ኣሎና።

ናይ ሎሚ ንባባትና ኣምላኽ ኣብ ማዕከን ጸግኡ ኸዚኑልና ዘሎ ዘደንቕ ነገርት ይገልጹልና። ነፍስወከፍና ዝሓለፈ ሕይወትና ዝነበሮ ብዘየገድስ ሓደ ዓይነት ዕድመ ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ክንሳተፍ ይቐርበልና ኣሎ። ኣብ መጀመርያ ነቲ ዕድመ ብምቕባልና ንኹሉ ከም ቅቡል ክንወስዶ የብልናን። ኣብዚ ምኽንያት ምቕራብ ወይ እውን ዝኾነ ነገር ክነቕርብ ዕድል የብልናን። እቲ ዝኸበደ ጸገም ኣብ ብዙሓት ዝርአ ዘሎ ኃጢአተኛ ምኳን ኣይኮነን ካቶሊካዊ ክርስትያን እየ ሰንበት ሰንበት ቤተ ክርስትያን እኸይድ፥ ጥዑይ ሰብ እየ፥ ኣኽራሪ ካቶሊካዊ ኣይኮንኩን እናበልና ዝተፈላለየ ምኽንያታት እንህቦም ዝኸበዱ ጸገማትና እዮም። ኣብዚ ዝኸስር ኣምላኽ ዘይኮነን ንሕና ኢና። ሎሚ እምብኣር ልብሰ መርዓና ጽሩይን ዝኾነ ምልክት ርስሓት ዘይብሉ ክኸውን ክንጽሊ ኣሎና። ዓሚቕ እምነትን ፍቕርን ዘለዎ ሕይወት ነሕዋትናን ቤተ ክርስትያናን ክነገልግለሉ እንኽእል ጸጋን መንፈስን ከውርደልና ከምኡ ክርስትያናዊ ሓላፍነት ለቢስና ልብሰ መርዓና ኣጽሪና ክንጉዓዝ ሓግዘና ንበሎ።

ማርያም ሓንሳብ ኣምላኽ ዕድመ ምስ ኣቕረበላ ንልብሰ መርዓኣ ከየርስሓት ብእምነትን ተኣዝዞን ንኣምላኽ ሕራይ ዝበለት ፍልይቲ ፍጥረት እያ። ኣብዚ ቅዱስ ዘመነ ጽጌ እምብኣር መጀመርያ ነቲ ኣምላኽ ዘቕርበልና ጸጋ ርኢና ክንክእል ከምኡ ኣብቲ ጉዕዞ ሕይወትና ከምቲ ንሳ ዝተጓዕዘቶ ተጓዒዝና ክንክእል ለምንልና ንበላ። ኣምላኽ ብጸግኡ ንዝተዋህበና ዕድመ እነኽብረሉን ንልብሰ መርዓና ብጽረት እንሕዘሉን ጸጋ ብኣማላድነት እኖና ማርያም ይዓድልና። ኣሜን።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።